# ቃል ኣሰናዳኢ

እቲ ቅድሚ 25 ዓመታት ኣብ ለካቲት 1990፡ ንምጽዋዕን ከበቢኣን ሓራ ዝገበረ "ስርሒት ፈንቅል" ዝተሰምየ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ሓርነታዊ ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽ ወተሃደራዊ ግጥማት ዓለምና፡ ሒደት መዳርግቲ ጥራይ ዘርከቦ፡ ብመሬትን ባሕርን እጹብ ወተሃደራዊ ቅያ ዝተፈጸመሉ፡ ብውሕሉል ወተሃደራዊ ስልቲ፡ ብበርቃዊ ቕልጣፈኡን ስፍሓት ሽፈንኡን ንዓለም ዘገረመ፡ ኣብ ክሳድ መግዛእቲ ናይ መጨረሽታ መሸንቆቑ ብምድቃቑ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ፈንቂሉ፡ ጸሓይ ሓርነት ኣድሚቑ ዝሰልዐ፡ ዜጋታት'ዛ ሃገር፡ ብሓበንን ኩርዓትን ዝዝክርዎን ዘሕበንሉን ታሪኻዊ ስርሒት እዩ። ናይ ወርሒ ለካቲት መጽሔት መንእሰይ፡ "ፈንቅል፡ ጨረ ምሉእ ብርሃን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ጽንብል ብፋራዊ እየቤልዩ ስርሒት ፈንቅል ብደምቀት ኣብ ዝተባዕለሉ ወርሒ ትወጽእ ስለዝኾነ፡ ኣውራ ኣተኩሮኣ ገይራቶ'ላ።

ዓመት 2015፡ ማሰኮት ትሰፋው መድረኽ'ያ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣጸደ ራህዋ ዜዒመሉ፡ እቲ ዝያዳ ዘበርከተን ብዝያዳ ተወፋይነት ዝሰርሐን ድማ ዝያዳ ጻማ ዝሓፍሰሉ ክትከውን ኣብ ርእሲ'ቲ ዝጸንሖ ሓያል ርእሱምትእምማን፡ ዝያዳ ምትእምማን ወሲኹ እዩ ዝኣትዋ ዘሎ። ኣዚ ዝምልከት ጽሑፍ ድማ ብቐልኣይ ተሰሪዑ ዘሎ ኣተኩሮ መጽሔት መንእሰይ እዩ። 2015፡ ባብ ብሩህ መጻኢ ብዝብል ኣርእስቲ ተዳልዩ ኣሎ።

ፍልሰት ኣህዛብ (Migration) ከምኡ'ውን ንግዲ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት (Human traffiking) ሕብረ-ብዙሕ ደራኺ ጠንቅታት ዘለዎ እዩ። ኣዚ ዘበርህ ጽሑፍ ብመልክዕ ትንታነ ኣብ ዓምዲ ጉዳያት መንእሰይ ቀሪቡ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን ኩሉ መዳያዊ ንቕሓት፡ ቅድመ-ኩነት ንኽለንተናዊ ምዕባለ እዩ ክበሃል ይከኣል። ሰውራ ኤርትራ ብሓይሊ ብረትን ብዘሒ ሰብን ዘይኮነ ብሓያል ንቕሓትን ግብራዊ ተሳትፍኦትን ኩሉ ቀጻሊታት ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ከዕወት ከም ዝኸኣለ ታሪኽ ምስክር'ዩ። ፖለቲካ ኣካል መዓልታዊ ሂወትና ምኳኑ ኩሉ ሰብ ዝፖገዝቦ ሓቂ እዩ። ካብ ፖለቲካ ተገሊልካ ምንባር ማለት፡ ካብ ሂወት ከብቢኻን ሕብረተሰብካን ሃገርካን ዓለምን ተፈሊኻ ምንባር ማለት'ዩ። መንእሰያት ኑቲ ህሉዊ መድረኽ ብዓቢኡ ክፖገዝቡኦ ንደሌታትን ጠለባትን ሕብረተሰቦም ብግቡእ ክምልሱን ፖለቲካዊ ንቕሓቶምን ተሳታፍኦቶምን ክዓዝዝ ልዑል ኣገዳሲነት ኣለዎ። ፖለቲካዊ ንቕሓት ንዘኽስቱ ፍጻሜታት ብመንጽር ሃገራዊን ህዝባዊን ረብሓታት ክትርድኦም ምኽኣል ከመልክት ከሎ፡ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ድማ፡ ነዞም ረብሓታት ንምዕቃብ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ተሳታፍነት ምህላው የመልክት።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕባይ ዝተፈላለዩ መደባት ከተግብር ጸኒሑ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታት ካድርን ኣዚ ዕላማ'ዚ ንምዕቃብ ብቐጻሊ ዝካየዱ መደባት እዮም። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር ኣብ ... ብተጻብኦቲ ንዘጋጥሙና ዘለዉ ብድሆታትን ተጻብኦታትን ብዐቕዓት ንምምካትን ንምጥጣምን፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ኩብ ኩብልን ተሳታፍኦቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ክዓብን ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት ናይ 2015 እዩ። ማሕበር ናይ 2014 ስራሕ ብዕምቆት ድሕሪ ምግምጋም ዝበረ ብልጫታትን ድኻማትን ኣለልዩ፡ ኣብዚ ዓመት ዝትግበር ተዓቃኒ መደብ ስራሕን ባጀትን ኣጽዲቑ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ ንዝበረ ገምጋማዊ ኣኼባ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዓምዲ ደሃይ ማሕበር ተዳልዩ ኣሎ። ኣብ'ታ ዓምዲ ብዘወሳኸ፡ ኣብ መውዳእታ ዓመት 2014ን ምጅማር 2015ን ካብ ዝተሰላሰሉ ፍጻሜታት ናይ ሰለስተ ቀሪቦም ኣለዉ።

ዓምዲ "ሃበርም"፡ ካብ 1ይ ክሳዕ 5ይ ክፍሊ ኣብ መደብ ወይ ከኣ ኣብ እምኒ ኮፍ እናበሉ ይመሃሩ ካብ ዝነበሩ ብጾታ ወጺኡ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብፅታዊት ዶክተር ክትከውን በቒዓስ ሞያዊ ኣበርክቶኣ ብትግሃትን ተወፋይነትን ኣብ ምሃብ ምስ እትርከብ ዶ/ር ዐቁበይ ክፍለእየሱስ ዝተኻየደ ዕላል ሒዛ ወጺኣ ኣላ። ንቑልዑን መንእሰያትን ተመሃሮ ብእወንታ ክትጸልዉን ቅዱስ ቅንኢ ክተሕድርን ድማ እምነት መጽሔት መንእሰይ እዩ።

ደራስን ጋዜጠኛን ተሰፋዬ ገብረኣብ ብደርፌ ንዘካየድ ስዑኣእምሮኣዊ ኩናት ኣመልኪቱ ብጭብጥ ኣብነታት ኣሰኒዩ ዘዳለዎ፡ ብሕልፊ ንመንእሰያት ዕዙዝ ኣገዳስነት ዘለዎ ጽሑፍ፡ ኣብታ ፍልስፍና ጠቓስ ሓሳባት ዝቐርበላ ዓምዲ "ወግዒ ብሓሳባት" ቀሪቡ ኣሎ።

ስኳርናብ ወይኒሓረግ፡ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ብሰንኪ ዘጋጠመ ሕማም መንሽሮ ጡብ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር፡ ሱዳንን ምስሪን ሕክምና ክትክታተል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕክምናኣ ዛዚማ ናብ ሃገራ ተመሊሳ ኣላ። ሕማም ወይኒሓረግ፡ ኣብ ህዝቢ ኣፍቅርታን ልዑል ሻቕሎት ፈጢሩ ዝጸንሐ ስለዝኾነ፡ ንኹነታት ጥዕናኣን ናይ ስኳርናብ ስርሓታን ኣመልኪትና ኣዕሊልናያ ኣሎና።

ፍትወቲ ዓምዲ "ዘልኩ ደኣ!" ናይ ሳንዲት ንለሚ ኣይክትህሉን'ያ። ሳንዲት ኣራኺቦ ኣይረኸበን፡ ኣብ ዝቐጸል ሕታም ግና ቅድሚ ኹሉም ኣበርክተቲ ከረክበና ምኳኑ ቃል ኣትዩልና ኣሎ፤ ኢንሻላህ!

# “ሱብከ ይቕዳሕ ደዩ?”

ሃብቶም እዮብ



ቀዳም 17 ጥሪ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ከተማ ባረንቱ ካብ ናብ ምንቅስቓስ ንኣሽቱ መኻይን ተወዛዊዚሕ ናይ መንእሰያት ምስ ረኣኻ ገለ ሓድሽ ነገር ከምዝሎ ብቐሊሉ ዘረድእ ሃዋህው እዩ ነይሩ። እዚ ኹሉ ፍሽኽታ ናይ'ታ ከተማ ብዘይ ምኽንያት ከም ዘይኮነ ከመይ ገይርካ ትስሕቶ?

ኮሳ ድማ ወሀድ ቅነ መንእሰያት ዞባ ጋሽ ባርካ ኤርትራን ዞባ ከሰላ ሱዳንን ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ መጋረጃኡ ቀንጠጠ። እቲ ቅነ ብመንእሰያት ዞባ ጋሽ ባርካ ብዘተዳለወ ምርኢት ኤግዚቢሽን ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ወከልቲ መንእሰያት ክልቲኡ ዞባታትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ'ዩ ፈሊሙ።

ብድሕሪ እዚ ኣወሃሃዲት ናይ'ቲ ቅነ ወግዓዊ ምጅማር እቲ ጽንብል ኣበሲሮም። ምሉእ ናይ ላዕልን ናይ ታሕትን ቀይሕ ዝሕብሩ ክዳን ዝወደዩ ቈልዑ ቀያሕቲ ዕምባባ ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ዘሚሮም። ብድሕሪ ቀያሕቲ ዕምባባ ስነጥበባዊ ምርኢት ሰዲቦ። ሃይለ ናቲ ኣጦንጋልኡ ሓዘ ምስ ተቐልቀለ ጣቕዒትን ፋጻን ተቐቢልዎ። ኣጦንጋልኡ ምንቃው ጀሚሩ፡ ሰባት ከኣ ናብ መድረኽ ዓሰሎም። ኣብቲ ህሞት መን ወዲ ጋሽ ባርካ መን ወዲ ከሰላ ብሕብሪ ገጽ ብኣሰዓሰዓ ሓደ ካብቲ ሓደ ክትፈልዮ ኣይትኽእልን። ሱዳናውያን ኣሕዋት ንኣጦንጋላ ኢጋይሽ ዘይምፍላጦም ቡቲ ምስ ህርመታ ዝኸይድ ድንቂ ኣሰዓስዕኦም ይርድኣካ። ወናም ካብ ወዲ ደቂ ጋሽ ይሰንፍ ኣይነበረን። ሃይለ ናቲ ከም ኣመጻጽኡ ብጣቕዒትን ፋጻን ካብ መድረኽ ተፋነዩ።

ድሕሪ ኣጦንጋላ ደርፌ ብቛንቋ ትግረ ካብ መንእሰያት ዞባ ከሰላ ቀሪቡ። እቶም ኣቕዲሞም ተሃኒም ዘውጽኡ ዝማሰሉ ዝበሩ ነጋድያን እቲ ቕነ ኸኣ እንደገና ናብ መድረኽ ተመሊሶም። ብፍላይ ሰፎም እናኣወዛወዙ ዝሰዕሰዑ ዝበሩ መንእሰያት ልቢ ኩልና ሰሊቦም። ንኡብሰይ ወዲ ናይ ሳዕሰዒት ከም ዘይብላ እየ ዝፈልጣ ነይረ ትማሊ ግን ብዘይልበይ ምስ'ቲ ዝወዛወዝ ዝበረ ሴፍ ተለሃይቲ ተሃዊሂው። ኣብ ማእከሎም ኣትየ ከምኦም ክቁጸጸ ደልየ ግና “ትደልይኣኣ እሞ ይዘንግዖኽን” ኮይኑኒስ ኣብ ዘለኹዎ ጥራይ ኮይነ ተሃሪይ ኣውጺኦ።



ብድሕሪ እታ ዕምርቲ ደርፌ ካብ ዞባ ጋሽባርካ ኣቦ መንበር ምምሕዳርኤን ጹሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ ባርካን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ንመንእሰያት ዞባ ከሰላ እንቋዕ ደሓን መጻኩም ኢሎም። ወከልቲ መንእሰያት ዞባ ከሰላ እውን ቃል ኣሰሚዖም። ብድሕሪዚ እቲ ስነ ጥበባዊ ምርኢት ቀጺሉ።

ብፍላይ ውልዶ ሱዳናዊ መንእሰይ የኑስ ክደርፍ ምስ ጀመረ ኩሎም ነጋድያን ኑበሶም ክይተቐጻጸሩ ክሰሃዩ ምስ ረኣኻ ክሳብ ጫፍ ጥርዚ ስምዒቶም ከም ዝበጽሑ ይስወጠካ። እቲ ሃዋሁው እናረሰነ ከይዱ፡ “መዚቃ ኣድማሳዊ ቋንቋ” ዝብልኹምሲ ከምዚ እዩ። ብጺታ ወዲ የብሉ ጓል፡ ብዕድመ ዓቢ ይኹን ንእሹቶ፡ ኣብ መድረኽ ኩሉ ብፍሰሁ ገጽ ሓቢሩ ወዲ የውጽእ። መድረኽ ብሳዕሳዕቲ እናመልአ ኸይዱ ናብቲ ኮፍ መበሊ ሰድያታት ገጹ ኸኣ ተመጣጠ። ብድሕሪኡስ ኩላ እታ ቀጽሪ ናይ ሳዕሰዒት መድረኽ ኮይና። ኣኣብ ዘለኻዮ ሓፍ ኢልካ ምስዕሳዕ ድማ ኮነ። ዚ ንምዕዛብ ዝዘረፉ መንእሰያት ኣብ መንደቕ ናይ'ቲ ቀጽሪ ተሰቒልካ ምርኣይ ከም ዝሓየሸ ወሲኖም። እንተኾነ ብኣኦም ስለ ዝተኸወሉ ግን ከኣ እቲ ምርኢት ከምልጦም ዘይደለዩ'ውን ነይሮም። እዚኣቶም ከኣ ካብ'ቲ ቀጽሪ ወጺኦ ብጺጋማይ ወገን ናብ ዝበረ ኆ ብምድያብ ብቐሊሉ ክርእዩም ዝኽእል ቦታ ረኺቡ። ገለ ገለ ሕሉፋት ከኣ ኣብ ኣግራብ ጠልጠል ኢሎም ይዕዘቡ። ወዲ ዝብልኹምሲ ከምዚ እዩ። ከምዚ ዝበለ ኩነት ሳሕቲ ዘጋጥሞም ግዲ ኮይኑስ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ሰኣልቲ (ናይ ደረቕን ተንቀሳቓሰን) ብጉያ ናብ ዝበረኸ ቦታ ብምድያብ ክስእልዎ ኣምሰዮም። እቲ ኣብ ገጾም ዝበረ ሓጎስ “ኣዳኡ ዝመረቖቶ ዝበኣስ ስጋ ዝተጻዕኑ ኣድጊ ተጓንፎ” ዝብል ዝበረ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ኣብቲ ዕለት ንታሪኻዊ ዝምድናን ሕውነት ክልቲኡ ዞባታት ዘንጸባርቕ ድራማታት ብመንእሰያት ንኡስ ዞባ ኣቑርደትን መንእሰያት ዞባ ከሰላን ቀሪቡ ነይሩ። ኣብ ድሕሪት ኮይነ ድራማ ይዕዘበሉ ኣብ ዝበርኩ እዋን ሓደ ዝሓለፈ ወርሒ ማስተረም ብስራሕ ምምህርና ኣብ ባረንቱ ዝተመደበ ፈላጥየይ “እዛም



ዝዋሰኡ ዘለዉ ናይ ከሰላ ደየም ናይ ጋሽባርካ?" ሓቲቱኒ። ናብ'ቲ ቦታ ድሕር ኣሉ እዩ መጺኡ።

"እዚኦም ደኣ ናይ ከሰላ እዮም" መለሰለ።

"እዋእ" ብመልሰይ ከም ዘይዓገበ ኣብ ገጹ ይንበብ ነይሩ።

ጽንሕ ኣለ "ወደይ ጋሽ ባርካ እዮም" ኢልዮ እናተጠራጠርኩ።

"ለከ እንዶ ግዱ። ብፍላይ እቲ ብጺጋም (ናይቲ መድረኽ ማለቱ እዩ) ዘሎ ወቓሕ ኢሉኒ" በሉኒ ከይተረድኦ ድምጹ ኣብርኽ ኣበሉ።

ድሕሪና ከም ዘረጋገጽናዮ ግን እታ ድራማ ናይ መንእሰያት ከሰላ እያ ነይራ። መን ካብ መን ብምንታይ ክትፈልዮ ይከኣል። ኣብ ኣከዳድናኦም ትርኢቶም፣ ኣቃውማኦም ኮታ ኩልንትናኦም ኣይ ሓደ እንድዮም። በቲ ዝበረ ወዲ ነጋድያን እቲ መደብ ምሉእ ለይቲ ክቕጽል ምሓደረ፣ ግን ንኹሉ ገደብ ስለ ዘለዎ ኣማኢያኡስ እቲ መደብ ተዛዚሙ ድኣ።

ንጽባሒቱ ንገሆ መደብ ምግራብ ስለ ዘበረ ገዕዞ ናብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ባረንቱ ኮይኑ። ኣብኡ ድማ ሓለፍቲ ክልቲኡ ወገናት ኣብ ዝተረኽብሉ ፈልሲ ገረብ ተተኺሉ። ብድሕሪ እዚ ዝቕጽለ መደብ ሓብራዊ መኣዲ ሰጥቡብ እዩ። ዝሓለፉ ክንዲ ፍቕዲ ኣጸብዕቲ ናይ ሓንቲ ኢድ ኣብ ዝኾነ ዓመታት ኣብ ሽዱሽቲኤን ዞባታት ሃገርና በጺሐ እዩ። መኣዲ ሰጥቡብ ተዓዚበን ተሳቲፈን። ምስ ምሕዋስ ሓደስቲ ሰባት (ካብ ከሰላ) ግለ ርእየ ዘይፈልጥ ነገራት ክርኢ ተኸሲቱ። ሓደሽ ወዲ እምበር ሓደሽ ነገርሲ ኣይረኣኹን። "ክሳብ ክንደዚ ዲና እንመሳሰል?" ንኡብሰይ ሓቲተያ። እዚ ንሓደ ካብ ወከልቲ መንእሰያት ዞባ ከሰላ መንእሰይ ማሕሙድ ኣድረሰ፣ "ንሕና ብመሰረቱ ኣሕዋት ኢና። እዚ ዶብ ኤውሮጳውያን ንጥቕሞም ኢሎም ዝገበርዎ ሕንጻጽ እዩ። እዚ ሕንጻጽ ከም መፈላለይና ክንወስዶ ኣይከኣልናን። እቲ ካብ ቀደም ዝጀመረ ሕውነትና ቀጺሉ እዩ። ኣነ ከምቲ ንሱዳን ሃገረይ ዝበሎ ንኤርትራ እውን ሃገረይ እያ ዝብላ። ትርእዮ ኣለኻ ብባህሊ ቋንቋ ወላ ካልእ ወላ ሓንቲ ዝፈላሊ የብልናን" ዝበለኒ ዘረባ ዘራጉድ ኮይኑ ረኺበዮ።

ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ስፖርታዊ ንጥፈታት እዩ ተኻይዱ። ጋንታ ሰሉማ ናይ ዞባ ጋሽ ባርካ ምስ ጋንታ መንእሰያት ከሰላ ተጻዊታ። እቲ መሳጢ ጸወታ ዝተራእየሉ ግጥም ብዓወት ሰሉማ እዩ ክልተ ብሓደ ተዛዚሙ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ተጻወትቲ ከሰላ ብዙሓት ዝፈልጥዎም ደቂ ባረንቱ ስለ ዝረኸቡ፣ ተተሰኣኦም ቅርበት ሌልኦም ብዘርኢ



ፈለጥቶም ደስዕሙ ነይሮም። ብፍላይ ሓላዊ ልዓት ናይ ከሰላ ኸኣ'ሞ ሓለፉ ነይርዎ። ወላ ደኣ ቋቋ ዓረብ ኣይሰምዕ እምበር ብዘዕባ ሕሉፍ እዋን የዕልሎም ምንባሩ ኣይሰሓትኩዎን።

ሓብራዊ ቅነ መንእሰያት ዞባ ጋሽ ባርካን ዞባ ከሰላን ብኸሉ ነገራቱ ክትርእዮ ከለኻ ቅነ ክልተ ኣሕዋት እንተረሓቐ ኸኣ ቅነ ደቂ ገዛውቲ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ምስ ሓደ ዓርከይ ምሽት ኣብ ከተማ ዘወር እናበልና ከለና ዝዘተራርብናዮ ኣሎ።

"እዝስ ምምስሳል ናይ ማናቱ ዶ ክንብሎ ንኽእል" ናይ ዓርከይ ዘረባ እዩ።

"ምስሊ ደቂ ጋሽ ኣብ ደቂ ከሰላ፣ ምስሊ ደቂ ከሰላ ከኣ ኣብ ደቂ ጋሽ ኣሎ" ምስ በልኩዎ ኣየወድኣንን።

"እሞ እቶም ሓደ ከም ምስሊ ማስትያት ናይቲ ሓደ ክግለጹ ይኽእሉ ማለትካ ድዩ?" ሓቲቱኒ።

"ናይ ማስትያት ምስሊ ድኣ ኣብ ቅድሚኦም እንታይ ኣሎ? ናይ ማስትያት ምስልና እንተ ውሓደ ክልተ ጸጋማት ኣለዎ። እቲ ሓደ ኣብ ማስትያት ከሉ መሓውርና ጺጋም ኮይኑ እዩ ዝርኣየና። እቲ ካልኣይ ድማ ትንፋስ/ህይወት የብሉን"


"እሞ እንታይ ድኣልካ ክትብል ደሊኻ?

"ኣነስ ወደይ ከምዚ ጽሑፍ ወይ ስእሊ ልክዕ ቅዳሕ (photo copy) ዝኾኑ ኮይናም እዮም ዝስምዑኒ"

"ስብከ ቅዳሕ ኣለዎ ድዩ?" ናይ ዋዛ እናሰሓቕኩ።

"ኣይ ንሱ እንድዩ ዝገርመኒ ዘሎ። እናረኣኻ ክትክሕዶ እትኽእል ነገር ግን ዘሎ ኣይመስለንን።" እናተበዛሕልና ናብ መደቀሲና ገጽና ኣምራሕና። እንተ እታ "ሰብከ ይቕዳሕ ድዩ" እትብል ሓሳብ ግን ክሳብ ሕጂ ካብ ሓንጎለይ ኣይወጸትን።

"ሰብ ከ ይቕዳሕ ድዩ?"



ስርዓት ድሺዛኦም ወድዮም በጦታኦም ሓዘ። መደብ ድማ ብሃገራዊ መዝሙር ተኸፍተ። ብድሕር'ዚ ጥቡብ 28 ዙርያ ዝሓለፎ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ንመድረኽ ተቘጻጸሮ። ተመሃራይ ኣቤል "ሃምበል" ብዝምባል ወኒ መምህርቱ ኣበራብረ። ብድሕርዚ ሓደ ድሕሪ ሓደ ግጥምታት ወሓዘ። ነዚ ተኸቲላ ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ብጺይቲ መንሱራ እስማዒል ናይ መኽፈቲ ቃል ኣስምዐት። ብጺይቲ መንሱራ ኣብ ቃላ፡ መንእሰያት ሳዋ ኣብ ኣተኩሮ ማሕበር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣተኩሮ ኩለን ማሕበራትን ትካላትን ሳዋ ከም ምዃኖም መጠን ብኹሉ ኣካል ዝለዓለ ጠመተ ተገይሩሎም ክሰርሑ ጸኒሖም። ሃማመተኤ ብሓፈሻ ኣብ ዓመተ 2014 ዝያዳ ኣተኩሮኡ ብምንጻር፡ ኣብ ትሕቲ "መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ ይተዓጠቕ" ዝብል ተልእኾ ክሰርሕ ምጃንሖኑ፡ እዚ ቅነ'ውን ከም ኣካል ናቱ ምዃኑ ሓቢራ።

ብድሕርዚ ቃል ዘስምዐ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣቶ ቀሊት ግርማይ'ዩ። ኣቶ ቀሊት መንእሰይ ብግቡእ ምስ እተማእዘነ ናብ ደርማስ ሓይሊ ይልወጥ። ስለዚ'ዩ ኸኣ ኩሉ ማሕበረ-ሰብ ሳዋ ዓቕሙ ኣወሃሂዱ ናብኦም ዘውፍር ድሕሪ ምባል ያታዊ ስፖርት ኣብ ዝመጽእ ኣቓልቦ ክውሃቦ ተላብዩ።

ብድሕርዚ ኣእዳው ቀባእቲ 28 ዙሓለፎም ቅብኣታት ቅርዓቶም ከፊቶም እንህና በሉ። ሕድሕድ ዘይሰናኸፍ ሞያ፡ ትምህርቲ፡ ሃገራውነት ዝዓሰሎም ቅብኣታት'ዮም። ኣብ'ቲ ቀጽሪ ብተመሃራይ ፊልሞን ኪሮስ ዝተማህዘት ስራሕ ኣቓልቦ ኩሉ ከም ዝግዕዘ ጌራቶ'ያ። ፊልሞን ምህዘኡ ክገልጽ ከሎ ንሕጽረታት እትሽፍን ዘመናዊት ክራር ምስ ሚክሰራ ኮይና፡ ብጀራታን ስፒከር እቲ ካልእ ከኣ ብስልክን ብፅንጩይትን ከም ዝሰንዓ ይሕብር።

ንጽባሒቱ ዕለት 20 ወርሒ 12 ተምሃሮ ሳዋ ናብ ትምህርታውን ባህላውን ውድድራትዮም ተጸሚዶም። ዕምቆት ዘለዎ ኣገላልጻን ወኒ ዝሰልብ ምንቅስቓስን ንተዓዘብቲ ጥርዚ ስምዒት ንኽሓኸሩ ዝገደዱ'ዮም። ወንን ክእለትን ዘለዎ ኣነ'ኸ እንታይ ግደይ ዝብል ወድድሮዩ።

ብድሕርዚ እቲ ብተማሃሮ ሳዋ ልዑል ተቐባልነት ዘለዎ ጥቡብ ደቀንስትዮ ተመሃሮ ሳዋ ዝሓለፎ ውድድር ፋሽን ሽው'ዩ ተኣንጊዱ። እቲ ዝለበስኦ ካብ ላሙሲያ ዝተሰንዐ ምዃኑ ምስ ተዓዘብካ ኪኖ ምምሳጥ ቃል ይረኽቦሉ'የ እንተ ኢልካ "ዕድለኛ" ዝብል ጥቡብ'ዩ።

ሰንበት ዕለት 21ታሕሳስ ገና ጸሓይ ንመሬት ሓደርኪ ከይበለታ መንእሰያት ሳዋ ሮኬት ጉበለል ናይ መዓስከር፡ እተን ዛግረኽ፡ እስታር ከለናኸ፡ ንሕና'ባ ሆሚብ እናበሉ ሜዳ ኩዕሶ ዓሰልዎ። ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ኮሎኔል ደቦሳይ ግደ ድማ ሪባን ብምቑራጽ መደብ ከፈቶ። ብድሕርዚ ግጥማት ኩዕሶ እግርን ጉያ እግርን ቀጺሉ። ኣንጠልጣሊ ጸወታ ብምንባሩ ደገፍቲ ዓወት ጋንትኦም ከውሕሱ ድምጾም ክሳብ እቲ ክበጽሖ ዝኽእል ብራኸ "ሆ" በሉ። ግዜ ቆጺሩ ድማ ጸወታ ተዛዚሙስ ናብ ምዕዳል ሽልማት ተሰጋጊሩ። 4ይ ክፍለ ሰራዊት ድማ ጉበለል ቅነ-ተመሃሮ ዋርሳይ ይከኣሎ ብምዃን ካብ ኢድ ናይ ክቡሪ ዕዱም ሽልማታ ተቐቢላ። ተመሃሮ ድማ ከከም ኣመጻጽእኦም "ሆ" እናበሉ በጦትኦም ከዱ።



# ብሉጽ ምርምርን ስራሕን ብኸመይ?

ዳንኤል ሰመረ

ምህር ስነ-ቁጽሪ ዶ/ር ሪቻርድ ሃሚንግ፡ ቅድሚ 25 ዓመታት ኣብሊ፡ ብሉጽ ምርምርን ስራሕን ብኸመይ ክሰላሰል ከምዝኽእል ኣገዳሲ ምኽርታት ሂቡ ነይሩ። ንሱ ኣብ 1986 “ንስኻን ምርምርካን” ኣብ ዝተሰምዐ መደርኡ፡ ናይ ልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ኣብ ኮምፒዩተር ሳይንስ ዝጸንሖ ምርምርን ወሃሉል ተሞክሮኡን ኣካፊሉ ነይሩ። ዛዕባ መደረኡ፡ ስለምንታይ ውሑዳት ሳይንቲስትን ተመራመርትን ጥራይ ዓበይቲ ስራሓት ክፍርዩ ይኽእሉ? ንዝብል ሕቶ ክምልስ ዝፈተነ እዩ ነይሩ። ንሓሳባቱ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብ ዓሰርተ ነጥብታት ክጥርንፍ ተፈቲኑ ኣሎ።

### “ትሑት ትጸበት ኣውግድ”

ንጉበሸኻ “ብሉጽ ስራሕ ክሰርሕ እየ ዝደሊ” በሎ። ብዙሕ ግዜ ሕብረተሰብ ወጻኢ ዝበለ ብሉጽ ተበግሶ ከዩተብብዕ ይኽእል። እንተኾነ “ኣሰር ዝገድፍ ወሳኒ ስራሕ ክሰርሕ ኣለኒ” ኢልካ ክትብበሰ ይግባእ።

### “እንምሮኻ ኣዳልዋ”

ብዙሓት ሰባት ዓበይቲ ስነ-ፍልጠታዊ ርኽበታት፡ ናይ ነገር ዕድል ክመስሎም ይኽእል ይኸውን። ዕድል ግን ካልእ ዘይኮነ፡ ዕድል ምስ ተበግሶ ምውሳድ ምውሳብ ማለት እዩ። ኣብዚ ነጥቢ ሃሚንግ ናይ ፓስተውር፡ “ዕድል ንድሉው ኣእምሮ ትመርጽ” ዝብል ምስላ ይጠቅስ።

### “ዕድመን ግዜን ኣገዳስቲ የግን”

ኣይንሽታይን ብዙሕ ካብ ስራሓቱ ገና ንኡስ ከሎ እዩ ተግቢርዎም። ብዙሓት ናይ ኳንተም ፊዚክስ ሊቃውንቲ፡ ምሑራት ስነ-ቁጽርን ኣስትሮ-ፊዚክስን’ውን ኣብ ንእስነቶም ዓበይቲ ስራሕ ዝሰርሑ ኣለዉ። በቲ ካልእ ሸነኽ ክረአ ከሎ ግን ከም ኣብ መዳይ መዚቃ፡ ፖለቲካን ስነ-ጽሑፍን ብሉጽ ስራሕ መብዛሕትኡ ግዜ ድንጉይ ኢሉ ዝመጽእ እዩ።

### “ርእሲ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን፡ ትብዓት’ውን የድሊ”

ዓበይቲ ሳይንቲስት ልዕሊ ኣእምሮ ዝውንንዎ ካልእ ብልጫታት ኣለዎም። ሃሚንግ ከምዝብሎ “ትብዓት ምስ ኣኪብካን ኣገዳሲ ስራሕ ከምትሰርሕ ምስ ኣመንካን ክትገብር ትኽእል። ከም ዘይትኽእል እንተ ኣሚንካ ግን ዳርጋ ርጉጻት ኮይንና ከምዘይትገብር ክንእምት ንኽእል። ዓበይቲ ምሁራትን ተመራመርትን ኣብ ዘገርም ኩነታት ንቅድሚት ይኸዱ። ካብ ምሕሳብ’ውን ኣየቋርጹን።”

### “ኩነታት ስራሕካ ብዝበኦ ምጥቃም”

ሃሚንግ ከምዝብሎ መብዛሕትኡ ሰብ ግቡእ ርድኢት ኩነታት ስራሕ ኣለዎ። ምኽንያቱ ክገልጽ ከሎ ሰባት ዝያዳ ዝፍርዩ ኩነታት ስራሕ ምቹእ ኣብ ዘይኮነሉ ግዜ እዩ ይብል። ዓበይቲ ናይ ፊዚክስ ርኽበታት ኣብ ዘይምቹእ ናይ ስራሕ ኩነታት ዝተረኽቡ ምኳናም’ውን ይገልጽ። “እቲ ሰፍ ጥራይ እዩ ንመሳርሒታቱ ዝወቕሶ። እቲ ንፉዕ ሰራሕተኛ ስርሑ ይቕጽል፡ ብዘለዎ ኸኣ ዝበለጸ ወጽኢት ክረክብ ይጽዕር”።

### “ብጽዕርን ኣድማዕነትን ስራሕ”

ከም መብዛሕትኦም ዕውታት ሳይንቲስት ዘካየድዎ ጻዕርን ዘለዎም ተበግሶን እንተዝህልወና ክሳብ ክንደይ ክፍሪ ከምንኽእል መገረመና። ሃሚንግ ዝ ኣብኡ ክሀብ ከሎ “ፍልጠትን ኣፍራይነትን ዝተኣሳሰረ’ዩ። ክልተ ሓደ ዓይነት ክእለት ዘለዎም ሰባት እንተዝህልዉ’ሞ እቲ ሓደ መዓልታዊ ንሓደ ሰዓት ዝያዳ ብዛዕባ ስርሑ ዝሓስብ እንተዝኸውን፡ ኣብ ናይ ሙሉእ ህይወቶም ፍርያምነት ዓቢ ፍልልይ ምሃለወ” ይብል።

### “ንሓሳባትካ ኣብ ሓደ እዋን እመንን ተጠራጠርን”

ዓበይቲ ሳይንቲስት ንዘይብሩህ ነገራት ክጻወሩ ዓቕሚ ዘለዎም እዮም። ንሓደ ክልሰ-ሓሳብ ኣሚኖም ይበጽሑ፡ ንዘለዎ ሕጽረታት ብምጥርጣር ከኣ ናብ ዝሓሸ ክልሰ-ሓሳብ ይቕይርዎ። ሃሚንግ ከም ዘረድኦ “ሕጽረታት ምስ ነለለ ብጥንቃቐ ክንሰዕቦምን ክንምርምሮምን፡ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ክንገልጾምን ክንቕይሮምን ኣለና። እቲ ዝዓበየ ስነ-ፍልጠታዊ ኣበርክቶ እዚ እዩ።”

### ኣደህብኻ ኣብ ኣገደስቲ ግድላት ዓውዲ ስራሕኻ ይኹን

ሓደ ካብ ዘገርሙ ሓቅታት፡ ተመራመርቲ ብሉጽ ወጽኢት ኣብ ዘየምጽእ ስራሕ ብዙሕ ካብ ጸዓቶም ዘጥፍኡ ምኻኖም እዩ። በንጻሩ ዓቢ ስራሕ ክሰርሕ ዝደሊ ሰብ “ኣብ ዓውደይ እቲ ኣገዳሲ ግድል እንታይ እዩ? ኣበየናይ ግድል ይሰርሕ ኣለኹ?” ኢሉ ክሓትት ኣለዎ። ሃሚንግ ከምዝብሎ “እቲ ጉዳይ ቀሊል እዩ። ዓቢ ስራሕ ንኽትሰርሕ ኣብ ኣገደስቲ ግድላት ከተተኩር ኣለካ። ስለ’ዚ እዩ ኸኣ ‘ግዜ ንዓበይቲ ሓሳባት’ ዝብል ሕዙእ ግዜ ዘማዕብልኩ። ኩሉግዜ ዓርቢ ፋዱስ ብዛዕባ ንዓበይቲ ሓሳባት ንኻልእ ክዕልል ግዜ ክሀብ ኣይደልን። ንኣብነት ‘ኮምፒተራት ኣብ ሳይንስ ዝህልዎም ጽልዋ እንታይ እዩ?’ ኢለ እሓትት።

### “ንግድላትካ ክትፈትሕ ወፋይ ኩን”

ግድላት ክፈትሕ ሙሉእ ተወፋይነት ዘይብሉ ተመራማሪ ብሉጽ ስራሕ ክፍሪ ኣይክእልን። ዝጠዘለ እዋን ናይ ፈጠራ ክእለት ኣብ ትሕትውነ ዝምዕበል ክእለት እዩ። ስለዚ ኣብ ግድላትካ ጥሒልካ ክትጸዱ ወይ’ውን ተወፊኻ ብቐጻሊ ክትሰርሕ ከለኻ፡ ትሕተ-ውናኻ ነቲ ግድል ኣብ ምፍታሕ እዩ ዝጽመድ። ሃሚንግ ጸቡቕ ጌሩ ከምዝገልጾ “ኣዝዩ ኣገዳሲ ግድል ክትፈትሕ፡ ኣተኩሮኻ፡ ውናኻን ሓሳብካን ብኻልእ ነገር ከምዝይዝረግ ይኸውን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ዋላ ደቂስካ ከለኻ እቲ መልሲ ተሰሪሑ ይጸንሓካ”

### “ማዕጾኻ ወትሩ ርሑው ይኹን”

ማዕጾኻ ዓጺኻ ምስራሕ ንሓጺር ግዜ ዕዉት ክገብረካ ይኽእል ይኸውን። ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ግን ካብ ኣገደስቲ ግድላት ክርሕቐካ ይኽእል። ማዕጾኻ ኣርሒኻ ምስራሕ ግን ዋላ’ኳ ምኩልላፍ ዘስዕብ እንተኾነ፡ ኣገደስቲ ኣንፈታት ብቐጻሊ ዘምጽእ’ውን እዩ። “ማዕጾኦም ኣርሒዮም ዝሰርሑ እዮም ኣብ መወዳእታ ዓበይቲ ስራሕ ዘበርክቱ እዮም።” ይብል ሃሚንግ።

# እንታይ ትጽበዩ ኣለኺ!?

ሰንበት ብምንባሩ ናብ መርዓን ካልእ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታትን ዝሽዱ ደቂ ተባዕትዮ ብበድላን ጻዕዳ ክዳንን ማዕረኹም፣ ኣልባሶን ግሊብጮን ተሸብሊለን ብዘተፈላለየ ዝሕብሩ ዘርያን ጥልፍን ወቒበን ሽጎን ናይ ዝብላ ኣዴታትን ወይዛዝርትን ጸባቐ ከድንቕ ኑታ ብዘይዕረፍቲ ትዛረብ ዝበረት መሳርሕተይ፥ ከቕልበላ ኣይከኣልኩን። ጸባቐ መንእሰያትና እናተዓዘብኩ ሰቕ ክብል ኑብሰይ ስለዘይገበረለይ፥ ሰምዒታ ማዕረ ክንደይ ከምዝኸድኦ ከይተረደኣኒ ኑታ ብኣንጸጽሮት ትዛረብ ዝበረት መሳርሕተይ፣ "ኩሉ ሳዕ ሰንበት ዘይከውን ጓሊየ። ከምኡ እንተዘይኸውን'ዚ ኸኣ ምለመደናዮ'ዶ ኺ ጸባቐ'ዚ" ኢሊዩ። ካልኣ ዓዲዝዋ ዝበረ መሳርሕተይ ምንም ከይተገደሰት፥ "ኣንቲ እንታይ ገርናኪ ጓሊየ። ኣነ እኳ ኩልግዜ ጾም ክኸውን እየ ዝምህለል። ንሸኺ ኸኣ ኣርኪብኪ ጸባቐ ባህላዊ ክዳውንትና መታን ከተድንቒ ኢልኪስ ሂወትና ናብ ገሃም ክትቅይርየ።"

ሰንበትን ገሃምን ደኣ እንታይ ኣራኺብዎም ኢለ ኩሓታ እናተዳለኹ፥ መሳርሕተይ ከይተገደሰት ዕላላ ቀጺሉ። "ቢቃ ሕጂ ኸኣ ጾሙ-ታሕሳስ ተውዲኡ ኣይቀዶናን። ክገርመኪ ኣብ ውሽጢ እዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ጥራይ፥ ሰለስተ ናይ ቀረባ ኣዝማድና መርዓ ክዝብሩ እዮም። ማማ ጨርቃ ክትድርቢ ቁሩብዩ ተሪፍዋ ዘሎ። ቢቃ ኣተኹ ወጺኣኩ፥ ተመርዓዊ ኮይኑ መውጽኢ ኣፋ።"

ነገራቱ ገሪሙኒ "እሞ ዘይተረድኣያ" ኢለ'ያ ነገራቱ ቀሊል መሰሉኒ። መሳርሕተይ ምሳይ ምዕላል ትርገም ከምዘይብሉ ግዲ ተረዲኣዋ ብጥርጣረ ጠሚታትኒ። ክፉኣዋ ደው ብዘበልኩ፥ ናብ'ቲ ሰንበት ሰንበት ኣምጊጋሮ መርዓ ዝትከሎ ገዛኣ ክትከይድ ከምዝይትደሊን እንተተኻኢሉ ምሳይ ናብ ገዛይ ክትከይድ ከምእትደሊን እናተሰከፈት ሓቲታትኒ። ንመሳርሕተይ ካልእ መደብ ከምዘለኒ ምስናይ ይቕሬታ ሓቢረ፥ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ እናሓሰብኩ ጉዕዘይ ቀጺለ። ኣብ ጉዳይ መርዓ ደቂ ኣንስትዮ ኣዚና ወጹዓት ኢና እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን። ተፈጥሮን ባህልን ዘርዩና እዩ። ክንወልደሉ እንኽእል ናይ ግዜ ገደብ እቲ ቀንዲ ጸገም እዩ። ኣብ ርእሲኡ እውን ሕብረተሰብ ዝፈጥረልካ ጸቕጢ ክትጻወሮ ከቢድ እዩ።

ክሊ ዕድመ 20ታት ንመጻኢኻ ዘናብረካ ትምህርቲ ትቕስመሉን መናበሪኻ ዝኸውን ሞያ ትመርጸሉን ንመጻኢኻ ዝኸውን እምንመሰረት እተንብረሉ ኣገዳሲ ዕድመ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዘተግበሮ ናይ ግዜ ገጽዘበን ሓንገልን ወፍሪ ብምግባር ተወፍዩ ሰሪሑ ሃብቲ ዝደለበ ወዲ፥ ብሕብረተሰብ ብሓፈሻ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ከም ፍሉይ ሰብ ተሓሲቡ ክሕደን ብኹሉ ክምኸሸን ይረአ። ብተመሳሳሊ እታ ናይ መርዓን ውላድን መደብ ኣወዚፋ ተመሳሲሊ ዓወት ዘመዝገበት ጓል ኣንስተይቲ ግን ከም ጎደሎ፣ በሃምን ኣመዛዚና ዘይተሓሰበን ተቐጺራ ብኹሉ ትነቀፍ። ብሓጺሩ መማዚ ዓወት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን መፈላለዪ ሕንጻጽ ይግበረሉ። ንጓልኣንስተይቲ ተመርዒኻ ምውላድ ከም መግለጺ ዓወትን መንፈዓትን ክሕሰብ ከሎ፣ እቲ መዐየሪ ኣብ ደቂተባዕትዮ ግን ካልእ እዩ።

እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ሕብረተሰብና ኣብ ልዕሊ ሓዳር ዘይብለን ደቂኣንስትዮ ዘርእዮ ኣድልዎን ጸቕጥን እዩ። ብፍላይ ከምዛ ልዕል ኢለ ዝጠቐስክዎ መሳርሕተይ 20ታት እንተኣፋሪቓ፣ ሰቦት ሰላምታ ጉዳፍም፥ ስለምንታይ ዘይተመርዓኺ ኢሎም ከጥጥሩኺ፥ ሰክፍታ ዝበሃል የብሎምን። ዝሓለፈ እዋን እንታይ ኬንኪ ዘይተመርዓኺ ምስ ተባሀሉት፣ ቅጭ ዝመጸ ጎረቤተይ፣ "ዘይካርንክናኒ ኳንክን" ክትብል በቲ ሕቶ ማዕረ ክንደይ ከምዝተሰቐቸውት ብዘዘዋዋሪ መንገዲ ክትሕብር ምስ ሰማዕክዋ እቲ ኣርእስቲ ንበዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ክንደይ ኣሰልቻዊ ኮይኑ ከምዝሎ ክርዳእ ክኢሉ።

ሕብረተሰብና ኣብ ልዕሊ እታ ዘይተመርዓወት ጓል ኣንስተይቲ ርኡይ ተጽዕኖ ትሑት ክብሪ ከርኢ ብዙሕ እዋን ተዓዚበ ኣለኹ። ብዙሕ እዋን፥ ኣብዚ ጉዳይ ቀንዲ ተዋሳኢትን ሃንደስትን ደቂ ኣንስትዮ ባዕልና ምኻንና ድማ እቲ ዘገርምን ዘሕዝንን እዩ። ግዲ ሓቂ ክንዛረብ እንተኳንና፥ ወሊዳ ክትሰዕምን ምዉቕ ሓዳር ክተሕልፍን ዘይትደሊ ጓል ዳርጋ የላን። ብዘተፈላለየ ምኽንያታት፣ ኣብ'ቲ ብሳይንስን ሕብረተሰብን ምኹኑይ ዝኾነ ግዜ ክትምርዖ ዘይምውሳና ዝፈጥረላ ጸቕጢ ባዕላዊ ጣዕሳን ንውሽጣ እናሳቐያ እናሃለወ ግና፥ ሕብረተሰብ ኣብ ርእሲኣ ተወሳኺ ጸቕጢ ክጉብር ከሎ፣ ኣብ ልዕሊ እታ ጓል ኣንስተይቲ ዘስዕቦ ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺ ኣብ ግምት ዘእትዎ ኣይመስለንን።

ተመዛሮ ኣብ ዝበርናሉ እዋን፣ ሓንቲ መማህርተይ ኣብ ዝጠልሰትሉ እዋን፣ ካብ ሰድራቤታን ከባቢኣን ዝወረዳ ተጽዕኖ ክሳብ ሕጂ እየ ዘይርስዖ። ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ግን ጥንሲ ቅድሚ መርዓ ከም ሓደሽ ቅዲን መግለጺ ብልሒ ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ኮይኑ ይርከብ። ሓያሎ ኣዴታት ንደቀን ጠለሰን ክምርዓዋ ብዘዘዋዋሪ መንገዲ ከተባብዑ መቸም ብዙሕ እዋን ተዓዚብኩም ትኾኑ። እዚ ግን ናይ ብሓቂ ብልሒ ድዩ። ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ጠለሰን ዝምርዓዋ ኣዋልድ ከም በላሕትን ንፉዓትን እየን ዝሕሰባ። እዚ መግለጺ ብልሒ ሓንቲ ሄዋን ክኸውን ምኽኑይ ድዩ? ብርግጽ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ምስ ኩሉ ሓይጋታቱን ሳዕቤናቱን ቅድሚ መርዓ ክጠንሳ ዘገድደን ኣብ ልዕሊኣን ዝወርድ ጸቕጢ ሕብረተሰብ እዩ።

ኣዴታት ኣብ ልዕሊ ደቀን ክምርዓዋ ዝያዳ ኣቦታት ጸቕጢ ዝገብራሉ ምኽንያት፣ ኣዴታት ባህርያት ደቂ ተባዕትዮ ኣድቂቐን ካብ ምፍላጥ ዝተላዕለ እዩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ጀሚርም ን10ታት ዓመታት ከላል ከብሉኻ ሓሚዮም፣ ጥዑሎጂካዊ ሰዓትካ ክሳዕ ምስ ኣስተብሃሉ ልብኻ ሰበርም ዝሽረቡ ደቂ ተባዕትዮ ምረኣይ ልሙድ እዩ። ንጉኻ ሓዲግ ሰማይ ሓዲግ ምድሪ ገይሮም፣ ክወልድዋ ምስ ዘኽእሉ ተመሃሪት ካልኣይ ደረጃ ክምርዓዉ እናረኣያ እምበኣር እየን፣ ኣዴታትና ደቂ ኣንስትዮ ደቀን ቀልጢፈን ንኽምርዓዋ ዘይተኣደነ ጸቕጢ ክገብራ ዝረኣያ። ኣብ'ዚ ደቂ ተባዕትዮ ተሓተትቲ ንምግባር ኢለ ኣይኮንኩን። ዘርካ ዘርካ እቲ ጸገም ኣብና ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ይዓዝዝ። ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ካብቲ ዘይንቕበሎ፣ ወደና ወይ ሓውና ንእሽቶ ጓል እምበር መዛናኡ ወይ ምዕባዩ ክምርዖ ዘይምድላይና እዩ። መዛናኡ ንዝተመርዓወ ሓውና ወይ ወድና መቸም ነፊዓ ወይ ጸቡቕ ውሳኔ ወሰደካ ትብል ኣደ ወይ ሓፍቲ እንተሃለዋ ብኣጻብዕ ዝቑጸራ ጥራይ እየን ክኾና ዝኽእላ።

እቲ መፍትሒ እምበኣር ኣብ ኢድ እተን ንርእሲ ሰብኣይ ናብ ዝደሊየ መኣዝን ከቕንዕኦ ዝኽእላ ክሳድ ሓደ ሰብኣይ ዝኾና ኣዴታት እዩ ዘሎ። ደቕናን ኣሕዋትናን መዛናኦም ክምርዓዉ ዘለዎ ብልጫታት እናነገርና እንተኣዕቢናዮም እዚ ኣሻቓሊ ኮይኑ ዘሎ ጉዳይ ብመጠኑ ምተቓለለ።

ንምጥቕላል ብርግጽ ወለድና ካብ ጸቡቕ ድሌት ተበጊሶም እዮም ኣብ ልዕሊ ደቆም ጸቕጢ ዝገብሩ። ዘሰዕብዎ ዘለዉ ጸቕጢ ማዕረ ክንደይ ሃሳዪ ከምዝኾነ ክርድኡን፣ እታ ጓል እውን ካብኦም ብዘይሓልፍ ናይ መርዓን ውላድን ባህጊ ከምዘለዋ ክገንዘቡን ይግባእ። ምናልባት ከይርስዕዎ ምዝኽኻር የድሊ ይኸውን። ወግሐ ጸብሐ ምጭቕጫቕ ግን ንጽ ደኣ በልዎ።

ኢሲ ጉብረ

# ብሃይድሮጅን ዝሰርሕ ባትሪ

ብቐዓትን ጥቕምን ናይ ተንቀሳቓቕስቲ ተሌፎናት ካብ እዋን ናብ እዋን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ብዙሕ ኣቓልቦ ዘይተገብረሉ ዝመስል ክፋለን ባትሪ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ፣ ካብዚ ተበጊሶን ድማ ገለ ትካላት ብዙሓ. ምልኣታት ክሕዝ ዝኽእል ተንቀሳቓሲ. ባትሪ ክምስርሓ ጀሚረን ኣለዋ፣ ከም ኣብነት ናይ'ዚ ኢንተሊጀንት ኤነርጂ(Intelligent Energy) ዝተሰምየ ኣብ ሎውግቦሮ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ትካል ብጸዓት ሃይድሮጅን ዝሰርሕ መምልኢ(charger) ምህዙ'ሎ፣

እዚ ኣፐ ቻርጀር(Upp Charger) ዝተሰምየ ምህዞ ወላ'ኳ ብመሰረቱ ንእ'ኹል ቀረብ ኤለክትሪሲቲ ዘይብሉ ክፋል ኣፍሪቃ ተባሂሉ ዝተማህዘ እንተኾነ፤ ደሮ ኣብ ዕዳጋታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ክወርድ ምኳኑ ተፈሊጡ'ሎ፣ እዚ ሓድሽ መምልኢ ዘይከምቶም ልሙዳት ናይ ሊትየም-ኣዮን ባትርታት ብዙሓትወን ዝወጹን ሃይድሮጅን ዝተመልኡ ታኒካታት ዝሰርሕ እዩ፣ ኣዳለውቱ ከምዝሕብርዎ ንዝጠዝሓ ሞባይላት ዩኤስቢ ተሰኪዒ(USB port) ብምጥቃም ሓሙሽተ ግዜ ምሉእ ቻርጅ ክገብር ዝኽእል'ዩ፣ ኣፐ ቻርጀር ብቴክኒካዊ ኣሰራርሓኡ ባትሪ ዘይኮነ ሃይድሮጅንን ኣየርን ብምሕዋስ ጸዓት ዝፈጥርን ከም ውጽኢቱ ድማ ሃፋ ማይ ዝምስርሕን ቴክኖሎጂ እዩ፣ ስለዚ ዘይከም ካልኦት ተመሳሰልቲ ባትርታት ኣብ ክንዲ ምልኣት ኤሌትሪክ ብሓድሽ ሃይድሮጅን ምምላእ ጥራይ የድልየ፣ እተን ተተካእቲ ታኒካታት ዳግማይ ብዘበርቱዕ ማግዜት ሃይድሮጅን ክምልኣን ብቐለሉ ክሰኩዓን ከም ዝኽእላ ኮይነን እየን ተዳልየን፣ እዛ ምህዞ ኣብ ቀረባ እዋን ብ199 ዶላር ኣብ ዕዳጋ ክትወርድ ትጸቢት ይግበረላ ኣሎ፣

ኣብዚ ግዜ'ዚ ብጸዓት ሃይድሮጅን ዝሰርሑ ባትርታት ኣብ ብዙሕ ካልእ መዓላታት ክውዕሉ ጀሚሮም ኣለው፣ ኩባንያ ቶዮታ'ውን ብወገና ብሓይሊ ሃይድሮጅን እትኸይድ ማኪና ኣብ'ዚ ዓመት ንዕዳጋ ንምውራድ ትሸባሸብ ኣላ፣

# ኣደናቒ ምንጪ ወርቂ ዓለምና

ኣብ ማእከል ኣስትሮፊዚክስ ሃርቨርድ ዩኒቨርሲቲ ዝተገበረ መጽናዕቲ፡ ምንጪ ናይ ዓለምና ወርቂ ካብ ምምኽጊው ናይ ዝሞቱ ከዋኽብቲ ክኸውን ከምዝኽእል ይሕብር፡፡ እቲ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣብ ቀረባ ርሕቐት ዘጋጠመ ናይ ጸርጊ ጋማ ኑትገ ዝተገበረ ትዕዝብቲ ዝተመርከሰ ኢዩ፡፡ ኑትገ ናይ ጋማ ጸርጊ፡ ምስ ምንታጉ ዝተተሓላለዘ ብርቱዕ ደገኣሓ. ናይቶም ልዑል ጸዓት ዘለዎም ጨረራታት ጋማ ኢዩ፡፡ እቶም መጽናዕታውያን እቲ ኑትገ፡ ወጽኢት ናይ ዝተጋጨዋ ከዋኽብቲ፡፡ ወይ ሕመረት ናይ ኣቓዲመን ዝሞተን ከዋኽብቲ ከምዝኸሳ ኢያም ዝኣምኑ፡፡

ብትዕዝብቲ'ቶም ሳይንሳውያን ኣብቲ ናይ ጋማ ኑትገ ን2 ሰከንድ ናይ ሓደ ካልኢት ዝጸንሐ ብልጭታ ከም ዝተዓዘቡን ቀጺሉ ብ ትሕተ-ቀይሕ (infra-red) ዝተዓበለለ ደገኣሓ. ብርሃን



ንውሑዳት መዓልታት ከምዝቐጸለን ይሕብሩ፡፡ ብቓላቶም ድማ "ደምቀቱን ባህርያቱን ከም ተራ ብምምኽጊው ናይ ፍጡናት ባኢታታትን ኣከቡበን ዝፍጠር ጸላየ ምውታን ማለት ኣብ ዕራርቦ ዝርአ ቀይሕ ሕብሪ ክመሳሰል ኣይከኣልን፡፡ እኳ ደአ እቲ ደገኣሓ. ካብ ጓና ራድዮኣክቲቭ(radioactive) ባኢታ ዝመጸ ዝመስል ኢዩ ኔሩ"፡ ክብሉ ይዛረቡ፡፡

ኣቦት'ታ ጉጅለ ገለ ዓቓን ናይ ከም ወርቂ ዝኣመሰሉ ከበድቲ ባኢታታት ኣብቲ ቦታ ተፈጢሮም ከምዝነኣፍፋ ኢያም ዝኣምኑ፡፡ መራሒ ናይታ ጉጅለ ኢዶ በርገር'ውን ብወገኑ "ብዕምምትና 2 ናይ ኒውትሮን ከዋኽብቲ ኣብ ዝጋጨዋሉ እዋን ዝፍጠር ዓቓን ወርቂ ክንዲ ክብደት 10 ወርሒታት ክበጽሕ ዝኽእል'ዩ" ይብል፡፡ ምድግጋም ናይዚ ፍሉይ ክስተት ኣብ ግምት ብምእታው ድማ በርገርን ጉጅልኡን ኩሉ ኣብ ኣድማስ ዝርከብ ወርቂ ካብ'ዚ ፍጻመ'ዚ ከምዝመንጨወ ይግምግሙ፡፡

# ደረጃታት ምምሃር ቃላት ኣብ ህጻናት

መጽናዕታት ከም ዝሕብርዎ 18 ኣዋርሕ ዝዕድሜኦም ህጻናት መዓልታዊ ብኸምጋም ካብ 2 ክሳብ 5 ሓደስቲ ቃላት ይመሃሩ፡፡ ሓብሬታ ብኸመይ ኣሰሳሰሎም ከምዝጽንዕዎ ዝገልጽ ሓብሬታ ግን ኣይጸንሐን፡፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሚዝዮሪ ኣብ ዝተገብረ ሓድሽ መጽናዕቲ ግን ህጻናት ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ብዝተፈልየ መንገዲ ቃላት ከምዝመሃሩን፤ ደረት ኣብ ሓደ መዓልቲ ክመሃርዎ ዝኽእሉ ብዙሓ. ቃላትን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ፡፡ እዞም ርኽበታት ወለዲ ህጻናት ደቆም ንዘመሃርዎ ብዙሓ. ቃላት ከሁብትሙን፤ ኣብ ዘረባን ቋንቋን ንዘድንገዩ ህጻናት ድማ ኣብ ምምሕያሾም ክተሓባበሩን ዝሕግዝ እዩ፡፡

ኣብቲ መጽናዕቲ ካብ 18 ክሳብ 36 ኣዋርሕ ዝዕድሜኦም ህጻናት ተሳቲፎም፡፡ መዓልታዊ ድማ ሽዱሽተ ሓደስቲ ቃላት ብንጹል ወይ ብጽምዲ ምስ ነገራት ብምትሕሓዝ ተማሂሮም፡፡ ንሓደስቲ ቃላት ብልክዕ ናይ ምምጣት ክእሎቶም ድማ ተመዚጊቡ፡፡

ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፈት ተሓጋጋዚት ፕሮፌሰር ጁዲዝ ጉድማን፤ ህጻናት ትርጉም ናይ ዘይፈልጥዎ ቃል ብልክዕ ናይ ምምጣት ተኽእሎኦም ካብ 18 ክሳብ 30 ኣዋርሕ እናወሰኸ ከምዝኸይድ ትገልጽ፡፡ ንውጽኢቱ ድማ ብከምዚ ትገልጾ፣ "እቶም ህጻናት ሓደ ሓድሽ ቃል ተዋሂቦም ኣብ መንጎ ዝፈልጥዎን ዘይፈልጥዎን ኣቕሓ ክመርጹ ምስ ዝቐርበሎም፡ ብቐጥታ ምስቲ ዘይፈልጥዎ ኣቕሓ የተሓሕዝዎ፡፡ ብተወሳኺ ንሓደ ቃል ምስ ምሉእ ሓሳብ(context) ኣተኣሳሲርካ ናይ ምርዳእ ክእሎቶም ምስ ደረጃ ዕድመ እናወሰኸ ዝኸይድ እዩ፡፡ እቶም ብዕድመ ዝያዳ ዝዓበዩ ምስቶም ንእስ ዝበሉ ብምውድዳር ሓታታይ ዝበሎን ዝጥምቶን ነገራት ብዙሕ ኣየተኣሳስሩን እዮም፡፡" ክትብል ተብርህ፡፡

ጉድማን ብተወሳኺ ንደረት ብዙሓ. ቃላት ብዝምልከት፡ እቶም ህጻናት ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ካብተን ዝተመሃርወን ሽዱሽተ ቃላት ነተን ቀዳሞት ሰለስተ ጥራይ ክዝክሩ ከምዝኽእሉ ትሕብር፡፡ ህጻናት ኣብ ከበቢኦም ንምምሃር ዝሕግዝ ንዋት ክቐርበሎም ኣገዳስን ብዝያዳ ቃልን ምስሉን ኣተኣሳሲሮም ንኽመሃሩ ከም ዝኽእሉ'ምን ትጸቅጥ፡፡ ካብዚ ተበጊሳ ድማ እታ ተሓጋጋዚት ፕሮፌሰር፡ ወለዲ ነዞም ኣብዚ ዕድመ ዝርከቡ ህጻናት ደቆም ብቐጻሊ ክዛረቡዎምን ኣሶማት ነገራት እናኣመልከቱ ክምህርዎምን ከምዝዮባእን ንዕቤት ምምሃርን ምርዳእን እቶም ህጻናት ድማ ኣዝዩ ሓጋዚ ምኳኑ ተዘኻኽር፡፡

ምስ ኣተኹ፥ ክልተ ወርሒ ኣይወጻእኩን።

ቀዳማይ ሕብጥ ከሲ'የ ናብ ግብጺ ከይደ ነይረ። ሰሙን ከይገበርኩ ግን ኑብሰይ ክምለስ ጀሚሩ ጸጉረይ'ውን ክቡቁል ጀሚሩ። ኣብ ግብጺ ብዙሕ ኣይተሳቐኹን። ኣምላኽ ዓቢ ነገር እዩ ገይሩለይ። ህዝበኛ'ውን ዘይርሳዕ ጦብላሕታ እዩ ገዲፉለይ።


* ገለ ካብቲ ጦብላሕታታት እስከ ኣዕልልና?

\- ናይ'ተን ኣብ ሱዳንን ግብጺን ዘጸንሓኒ ንኣብነት ዘይኮነርካ። ኣብኡ ዘለዋ ኣሕዋትና ልዕሊ ዓቕመን እየን ዝሰርሓ - ሰራሓን ከቢድ'ዩ። እተን ኣብ ግብጺ ዝከታተላኒ ዝነበራ ሕጂ ግርም'ዩ ዝነበረኒ። ናይ ግብጺ እንዳ ማዳም እዩ ዝበሃል። ኣብኡ ደው ኢለን ክሰርሓ ውዒለን ከሉ ኣካላተን'ዩ ብድኻም ዘቖንዝወን። ኣብ ከምኡ ውዒለን ኣብታ ዘዕርፋላ ንዓይ ይከናኸናኒ ።

ድኻመን ከርተትን ደርእየን። መዓልቲ መዓልቲ እዩ ሰብ ዝመጽኣኒ። ዝኢ'ውን ንሰን እየን ዝቕበላለይ። በዚ ከኣ ሕማመይ ኣረሲዔናኒ እየን። ከምዚ ካብ ሰዓል ዝሓዊ ዘለኹ እምበር ካብ ካንሰር ኩይኑ ደስምዓኒ ኣይነበረን።

ንብዖት ኣሎ፡ ምሕራኽ ኣሎ። ካንሰርን ሓንጎልን ዝገርመካ ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ። ሓሪቕካ እንተወዒልካ ብቖጥታ እናተፈለጠካ እዛ ጡብካ ክትከብ፥ ተዛሪኻ እንተምሲኻ . ብኣንጻሩ ሩፍ ኢልካ ትድቅስ። ኣነ ከኣ ቁልዑ'የ ገዲፈ ነይረ። ብዙሕ ነገር ኣሎ። ብዙሓት ሰባት ግን ደዊሎም የረስዑኒ ነይሮም። ሕሉፍ ሓሊፍወን ገሊኤን ደዊለን እንታይ ይብላኒ ነይረን ማስለኹ፥ 'ንስኺ ብዛዕባ ሕማምክን ኑብስኽን እንተዘይከይኑ፥ ብዛዕባ ደቅኺ ኣይትሕሰቢ። ከይድና ርኢናዮም ጸቡቕ ኣለዉ ዝብሉኒ ነይሮም። ሽዑ እንድሕር ደቀይ ህዝቢ ሓዚሉለይ ኣሎ፡ ንዓይ'ውን ህዝቢ ሓዚኒ እንተደኣሃልዩ፥ ናተይ ሕማም ኣይነበረን። ተመስገን! ንኣምላኽ እውን ጥራይ ካብዚ ኣውጽኣኒ እምበር፥ ዘሕለፍኩዎ ከም መከራ'ውን ኣይዝክሮን'የ እየ ዝብሎ ነይረ። ኣቕሽሹቲ ኣይትብል መሻይኽ ኣይትብል ፈለስቲ . ኩሉ ሰብ ጸሎት ገይሩለይ። ዱዓ ተገይሩለይ። ብፍሉይ ንዓይ ተባሂሉ ብዙሕ እዋናት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ናይ ጸሎት መደብ ከምዘተገብረለይ ይነግሩኒ ነይሮም። እዚ ከኣ ነቲ ሕማም ከም ዝወጽኦ ገይሩኒ እዩ። ብዛዕባ ደቀይ፥ ብዛዕባ ማተርያል እንተዝሓስብ . ግን እንድዒ!

ናይ ዓድና ገለ ነገር፥ ሓንቲ ስገምቲ ከይከድካ ኢኻ ትናፍቕ። ህዝቢና ይፈትወና'ዩ። ገለ እዋን ንሕናስ እንታይ ኴይንና ከም ናይ ሆሊውድ ተዋሳእቲ ዘይረኸብና ገለ ዝብሉ እዋናት ነይሩ። ግና ካብ ውድቀትና ዘልዕለና ህዝቢ ኣሎና - ሚልዮናት ኢና። ዕድለኛታት ኢና።




* ደገፍ ናይ ስድራቤትኪ ከመይ ይመስል ነይሩ?

\- ናተይ ሓገዝ ልዑል እዩ ነይሩ። ስድራቤትኪ ክትብለኒ እንከለኹ፥ ንዓይ ስድራቤተይ ዓባየይ፥ ኣደይን ደቀይን እዮም። ዓባየይ፥ ብድሕረይ ነዊሕ ኣይጸንሐትን ብሞት ተፈልያትኒ። ተራ ናይ ደቀይ ከኣ ብፍላይ ናይቶም ዓበይቲ፥ ኑቶም ንኣሽቱ ንምልዓል ሓላፍነቶም ወሲዶም እዮም። ቀጻሊ'ውን ንሳቶም ብላዕሊ ኩይኖም፥ 'ኣጆኺ ብኣና ኣይትሕሰቢ' እናበሉ ሞራል ከምዝጉብር ገይሮሙኒ እዮም።

ናይ ኣደይ ነገር ግን ፍሉይ እዩ ነይሩ። ኣብ ዓዲ ጥልያን እያ ትቕመጥ። መዓልታዊ ክትድውለለይ እንከሎ፥ ፈውሲ በርቲዑኒ ወይ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ኣብ ዘለኹሉ ኣብ ትድውለለይ እዋን 'ከምኡ'ዩ ባህሪ ናይቲ ፈውሲ. እዩ' ኢያ ትብለኒ ነይራ። ከምኡ'ዩ ዝጉብር ተቐበልዮ ኢያ ትብለኒ ነይራ። ኣነ ግን 'እውይ ኣነ ጓለይ!' ክትብለኒ እየ ዝደሊ ነይረ። ንሳ ግን ናይቲ ሕማምን ፈውሲን ብዙሕ ኣፍልጦ ነይሩዋ። ዋላ ክቡደት ናይቲ መድሃኒት እናፈለጠት፥ 'ከምኡ'ዩ' እናበለትያ ተፋኹሰለይ ነይራ።

ደሓር ግን ሕክምናይ ወዲኤ ናጻ ተባሂለ ንዓደይ ይብጽሕ ኣለኹ ምስ በልኩዋ፥ ቢቃ እቲ ሓቀኛ ስምዒት ወጺኡ። ንዓመት ምሉእ ዓቒሪቶ ዝነበረት ስምዒት ሽው ወጺኡ። ቴሌፎና ደርብያ፥ ብዓውታ በኺያ። ብጠዚሓ፥ 'እውይ ኣነ ጓለይ፥ እውይ ጓለይ' ትብል ነይራ። ለካ ዓመት ምሉእሲ እቲ ጨጓር ንውሽጢ እዩ ነይሩ ኢሉ። ስምዒታ ሓቢኣ ስለዝደገፈትኒ የመስግና።

ገለ ገለ ሕማምሲ ንሰናይካ'ውን ይኸውን እንደዩ፥ እቲ ካብ ግዜ ቁልዕነተይ ዝተፈለየኒ ኣቦይ ሃይለ ኣብርሃ፥ መጺኡ ኣብ ሱዳን ምስረኣየኒ፥ ዝተሰምዓኒ ስምዒት ሕጂ ክገልጾልካ ኣይክእልን እየ።

* ናይ ሃገርና ፊልምታት ኣብ ትርእየሉ እዋናት እንታይ ይስምዓኪ ነይሩ - ከይሓሰኺ?

\- ተመሊሰ ክሰርሕ'የ ትብለሉ እዋናት'ኳ ውሑድ እንደዩ፥ ብፍላይ መድሃኒት ክትወስድ እንከለኻ ኩሉ ነገር ጸልማት እዩ።

ግን ዝሰምዓካ ስምዒት ከቢድ እዩ። ንኣብነት ንተኸታታሊት ድራማ "ሰድራ" ብዓይኒ ቀንኢ እየ ዝርእያ ነይረ።

ከም ሰብ፥ ኣነ ፍጹም ቀናእ ኣይኮንኩን። ኣብኡ ግን ይቐንእ ነይረ። ካብ ምሐር ቀንኢ ከኣ እንታይ ይደጋግም ነይረ ማስለኹ፥ (ሰሓቕ) "ኣነ ከኣ'ኮ ሙብዛሕትኡ እዋን በቲኣ እየ ኩፍ ዝብል ነይረ። እዋይ እዛ ገዛ ከኣ ቅደርደር ኣብሎማ. . ገለ ገሊ፥ ዋላ ሓወየ እንተኸይደኩ'ኸ ተወዲኣዶ ትጸንሓኒ" ይብል ነይረ። ብፍላይ ሰድራ፥ ናይ ብሓቂ ናይ ልቢ ሰድራ ኢና ኩይንና። ዋላ ሓንቲ ክገልጸልካ ኣይክእልን እየ። ንሀለትካ ስምተኛ ሽሕ ናይ ቀንኢ ኣርኪቢትኒ ነይረ።

ኣነ እንተሃልየ፥ ደንጉየም እዮም ዝሸዱ። ነዕልል . . ግዜ ከይተፈልጠና እዩ ዝሓልፍ ነይሩ። "እዋይ . . ኣነ ሰለዘየለኹሉ፥ ሰኢል ኣብሎም ቀልጢፎም ከይዶም ኣለዉ". . እንታይክ ዘይብል?

ኩሉ ናይ ስራሕ ዝኸሪታት ደረኣየ። ትዕንድረሉ ዝነበርካ መድረኽ፥ ኣብ ዓራት ብቁስሊን ቃንዛን ተታሒዝካ ክትርእየ፥ ጸቡቕ ስምዒት ኣይሰምዓካን እዩ።

ኣብኡ እንከለኹ ብዙሓት ኣነ ዝተሳተፍኩለን ፊልምታት ከም በዓል ሻቕሎት፥ ሰብ ምኽንያ. . ተፈኒዎን ነይረን። ንዓይ መሊሱ መደፋፍኢ እዩ ነይሩ።

* ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናብ ሱዳን

እናበሉ ዝሓዝዙኒ ብዙሓት እየም፡፡ ከምኡ'ውን ናብ ደቀይ እናተመሳለሱ ኣጆኺም ዝበሉዎም መሓዛተይን መሳርሕተይን የመስግኖም፡፡

ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣደይን ደቀይን ብሞራል ስለዝደገፉኒ የመስግኖም፡፡ ብፍላይ ብፍላይ ነታ ኩለንትናይ ዝኾኑኒ፡ መሓዛይ ሰናይት ከኣ ክሳብ ብህይወት ዘለኹ ዝርስዓኪ ከይመስለኪ! (ዝሒኣ ብፍላይ ኣጸቢቓካ ጸሓፈለይ) . . . እወ ክትርስዒ ኢልኪ ከይትሓስቢ በለለይ፡፡

ኣደ ደቀይ ክኸውን ዝሽበረ ህዝቢ እንደዩ፡ ኣብ ዓለም ምሉእ ዘሎ ኤርትራዊ ዘይሓዝዘኒ ኣሎ ክበሃል ኣይካኣልን እዩ፡፡

II

ካብዚ ሰዒቡ ምስ ወይኒሓረግ፡ ብዛዕባ ናብ ሕክምና ቅድሚ ምኻዳ ዝሰበረ ሰራሒታ ኢና ኣዕሊልና፡፡

*** ቅድሚ ነዊሕ እዋናት፡ ከም በዓል 'ቤኪ'፡ 'ብሪ' . . ካልኦትን፡ ዳርጋ ንስምኪ ዝተካእ ገጸ ባህርያት ሒዝኪ ኢኺ ተዋሲእኪ ነይርኪ፡፡ ኣብዚ ቀረባ ዓመታትከ?**

- መብዝሕትኡ ዘወሃበኒ ገጸ ባህሪ፡ ትፈልጥ ኢኻ ምሽ. . ውዕይቲን ዘራጊቶን እዩ ዘወሃበኒ፡፡ ዳርጋ ፍሉይ ባህረስ ኣይወሃበንን እዩ፡፡ ኣብ "ወርቃዊት" ትብል ፊልም ፍሉይ ባህሪ ሒዘ ሰሪሐ ነይረ፡፡ ግን ህዝቢ ኣይተቐበለንን፡፡ ከምዚስ ኣየጹብቐልክን እዩ ዝብል ርእይቶታት እዩ መጺኡኒ፡፡ እንድዕለይ ድሕር ሕጂ'ውን ከምኡታት ክሰርሖ ደየ እየ ዝብል፡፡

ኣብ "ደበስ" ትብል ፊልም እውን ነይረ፡፡ ካልእ ባህሪ ተዋሂቡኒ ሰሪሐ፡፡ ግን ኣብኣ'ውን ተመሳሳሊ ርእይቶ እዩ መጺኡኒ፡፡ ሓደ ሓደ ግዜ ዘየምጽእኩዎ ደየ ኩይነ ኣለ እየ ዝሓቶ፡፡

ኣብ ከም በዓል፡ ሱብ ምኽንያቱ ሽሎ ዝበላ ፊልምታት ግን ከምቲ ዛህረይ ዓይነት ማለት፡ ውዕይቲ፡ መዋቐዲትን ገበርት ክፉእን ገለ ኩይነ ሰሪሔ ነይረ፡፡ ኣብ ሽሎ ዘላ ገጸ ባህሪኣ፡ ክፉእ ዘለዋ ኣይኮነትን፡ ክቱር ፍቕሪ ሽሎ ዘለዋ እያ ነይራ፡፡ ብኮሚድያዊ መገዲ ዝቐረበት እያ ነይራ፡፡ ብፍሉይ ዝዝከራ ድማ'ያ፡፡

ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝዛረበሉ፡ ሓደ ብፍቕሪ ዝተሰርሐ ነገር ገና ኣብ ስራሕ እንከሎ፡ ውጽኢቱ ይፍለጦ'ዩ፡፡ ንሳ ከኣ ሓንቲ ካብኣተን እያ ነይራ፡፡ ዝገርመካ ንሳ ክትሰርሖ እንከላ ናይ ገዛ ጸገማት ነይሩኒ በዚ ነይረ፡፡ ክህበኒ ምስ መጽኡ ክኸውን ኣይክእልን'የ ኢለ ኣቕብጸዮም ነይረ፡፡ ንሶም ግን ዋላ ኣይትሰርሒያ ኣንብብያ ኢሎም ገዲፎሙለይ ከይዶም፡፡ ምሉእ ለይቲ ከንብቡ በይነይ ክስሕቕ ሓዲረ፡፡ እዚኣ እንተሓሊፋትኒ ደኣ ሰቕ ኢልካ እንደዩ ኢለ፡ (የቕናኣካ እንደዩ ሓደ ሓደ ግዜ ምሽ?) ንሱየም'ውን፡ ኣብ ጸገመይ እናደገፉ ሰሪሕናያ፡፡ ብዘዮቦእ ከኣ ተረዲኦሙኒ፡፡ ደራሲ ናይታ ፊልም ሰምኦን ሓጎስ ከምኡ ከኣ ዳይረክተር ሚዙራ ክሳብ ኣብ ገዛይ እናመጽኡ ከኣ የለማምዱኒ ነይሮም፡፡

*** ሓደ ተዋሳኣይ ውሱን ወይ ተወራረሲ ገጸ ባህሪ ጥራይ ዝሰርሕ እንተኾይኑ፡ ንበቕዓቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣየውድቖን?**

- እንድዒ ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ናይ ዓድና ፊልምታት ኩነ ተዋሳእታት ዝተፈላለየ ባህርያት ሒዘን ብበቕዓት ክዋስኣ ዝረኣኹዎም ኣለዉ፡፡ ኣጸብሀት ንኣብነት ኣብ ሓንቲ ፊልም ርግምቲ ሓማት ኩይና ኣብ ካልእ ከኣ ብኣንጻሩ ለዋህን ርህሩህትን ኩይና ክትሰርሕ ርእየያ ኣለኹ፡፡ ካልኦት ብዙሓት'ውን ከምኡ፡፡

ተዋሳኣይ እንተኾይንካ፡ ግድን ኑቲ ዝተዋሃበካ ተራ ክተምጽኦ ኣለካ፡፡ ኣነ ሕጂ፡ መጠፋፍኢት፡ መዋቐዲት ገበርት ክፉእ . ስለዝኾንኩ ኣይኮንኩን እቲ ባህርያት ዘወሃበኒ፡፡ ምስተወሃበኒ እየ ዘምጽኦ፡፡

በቲ ካልእ ወገን ዋላ ኣብቲ ዝማዕበለ ናይ ፊልም ኢንዱስትሪታት ከም በዓል ሆሊውድ፡ እቲ ተጻዪ (ኣሳሲኖ) ከም ተጻዪ፡ እቲ ቅኑዕ እውን ከም ቅኑዕ ኩይናም ኣብ ብዙሕ ፊልምታት ክሰርሑ ትርእየም ኢኻ፡፡ ዕዉታት'ውን ይኾኑ፡፡ ብኽልቲኡ መገዲ ክርኣ ዝካኣል እዩ፡፡

*** ተዋሳኢት እንተዘይትኾኒ እንታይ ምኾንኪ ነይሩ ትብሊ?**

- እዋእ! እንታይ ፈሊጠ ... ከም ህዝበይ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ምሰራሕኩ ነይረ ይኸውን፡፡

*** ኣብ ምኽባር ግዜ ትሕመዩ ኢኺ?**

- እወ፡፡ ምስ ምግፋሕ ሓዳር ደዩ ዋላስ ባህርያይ እዩ እንድዒ ይደንጉ እየ፡፡ ኩልሳዕ ከመሓይሾ እየ ዝብል፡፡ ከመሓይሾ ይኽእል ደየ ኣይክእልን ግን. . . (ሰሓቕ)

*** ብልጫታት ወይኒሓረግ እንታይ እዩ?**

ፈቃር ምኻና!

*** ወይኒሓረግ ብሓንቲ ቃል ግለጽያ?**

ጥዕምቲ . . . (ኣደይ ፍቓዱ)

*** ድኽም ሸነኽ ወይኒሓረግከ?**

- ግዜ ዘይምኽባር ጥራይ

*** ትፈትውዮ ዓይነት መዚቃ?**

- ዝሕል ዝበለ መዚቃ'የ ዝፈትዎ፡፡ ብፍላይ ናይ የማነ (ባርያ) ደርፍታት ከኣ፡ ኣብ ደመይ ኣትየም እዮም፡፡

*** ትፈትውዮ ዓይነት ፊልም?**

- ዘይተጋነነ ፍቕራዊ ዛንታታት ዝሓዘ



ደቂ ወይኒሓረግ

